# ውድባትናን!!

# ህዝባዊ ምንቅስቃስ!!

ሚካኤል ኣጎስቲኖስ ጀርመን

9.09.2019

ሎሚ ከም ንሪኦን ከም ንዕዘቦን ዘሎና ኣብ ምሉእ ዓለም ሕዝባዊ ምንቅስቃስ ተላዒሉ ናይ ይኣክል ድምጺ እናሰፍሔን እናሓየለን ይኸይድ ኣሎ። እዚ ኸኣ ፍረ ቃልስና እዩ ሱቅ ኢሉ ዝመጸ ኣይኮነን። ነዚ ሓያል ህዝባዊ ናዕቢ ተላዒሉ ዘሎ ብኽመይ መልክዕ ኣብ ባይታ ነተግብሮ እዩ እቲ ቀንዲ ረቓሒ። ስለዚ ውድባትናን ህዝባዊ ምንቅስቃስን ክብል ከለኹ ኩለን ንሓደ ስትራተጂ ዕላማ ስለ ዝኾና ብኸማይ ነዋሃህዶ እዩ እቲ ዓቢ ግድል ኮይኑና ዘሎ። ውድብን ህዝባዊ ምንቅስቃስን ፈላሊኻ ምራኣይ ዘይኮነ ኩሉ ንሓንቲ ሃገር ከም ንቃለስ መጠን ፍልልያትና ኣጻቢብና ኢሂን ሚሂን እናተባሃሃልና ኣብ ሓደ ንሰርሓሉ ኩነታት ምፍጣር የድልየና።

ህዝባዊ ምንቅስቃስ ሽሕ እካ ፖለቲካ ንጥፈታት ዘካይድ ይኹን እበር፣ ንፖለቲካ ስልጣን ኣይዋዳደርን ወይ እውን መተካእታ ናይ ፖለቲካ ስልጣን ዝሕዝ ሓይሊ ኣይከውንን። ፖለቲካዊ ውድባት ግን ነዚ ዘሎ ስርዓት ክትካኣ ራኢ ዘለወን እየን ፣ ስለዚ ኣዋዳድባና ኣብ ክልተ ጸላል ክቀውም ይግባእ ።ብኽልተ ወገን ምስ ተጠርነፉ ካብ ክልቲኡ ጽላል ወከልቲ ወጺኦም ነዚ ገባቲ ስርዓት ብሓባር ክንገጥሞ ንኽእለሉ ሓደ ናይ ሓባር እስትራተጂ ይቀውም።ምኽንያቱ ሎሚ እታ እንኮ መፍቲሒና ብሓብር ምቅላስ እዩ፣ሃገር ካብዚ ኣትያቶ ዘላ ዓዘቅቲ ኣውጺእካ ንምድሓን ዝዓለመ እዩ።

ህዝባዊ ምንቅስቃስ በይኑ ጽላል ምስ ዝፈጥር እውን ነተን ውድባት ንኽሓብራ ጸቅጢ ንክገብር ዓቢ ታራ ኣለዎ። ህዝባዊ ምንቅስቃስ ቆይሙ ተዝነብር ፣ሎሚ ዓቢ ታራ ምተጻወተ

ስርዓት ህግደፍ ነዚ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ንኽይዓቢ ዓቢ ግደ ተጻዊቱ እዩ። ከምእውን ውድባት ብዓቅመን መህደሚ ወይ ካኣ ምሕቢኢ ካብ ውድባት እናበለ ከምዘይ ሰርሕ ጎስጋስ ኣካይደን እየን።

ኩነታት ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣዋዳድቡኡ ስጋዕ ሕጂ ክእረም ዘለዎ ወይ እውን ሓዲሽ ኣዋዳድባ ክንክተል ዝግባእ ፣ኣባላት ውድባት ኣብ ውድባቶም ምስ ዘድምዑ ጥራይ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ዝሓለፍናዮ ተሞክሮ ቃልስና፣ ኣባላት ውድባት ኣብ ሲቪካዊ ማሕበራት ተወዲቦም ቀዳምነት ናይ ውድቦም ራኢ ስለ ዘቀድሙ እዩ ። ንኣብነት ኣብ ኣዋሳ ዝተገብረ ሽርሕታት እቶም ኣብ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ዝነበሩ ኣባላት ውድባት፣ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ብገንዘብን ብሓሳብን ከፊሎ ዝሰደዶም ክንዲ ብዛዕባ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ዝካትዑን ዝጣበቁን፣ ንውድባቶም ከቀድሙ እዮም ዝተራእዩ፣ እዚ ሓደ ኣብነት እዩ። ውድባትና ናይ ህዝቢ እንተኾይነን፣ ንምንታይ ናይ ህዝቢ ውዳቤታት ቅሳነት ዝኸልኤን። እዚ ህዝባዊ ማዕበል ዓብዩ ኣብ ሓደ ምስ ዝጥርነፍ ንውድባት ዓቢ ባይታ ዝፈጥር ኢሉ እየ ዝኣምን፣ ኣብቲ ጥሩንፍ ህዝባዊ ማዕበል ውድባት ፖለቲካኤን ጎስጋስ ክገብራ ይኽእላ እየን ዝብል እሙንቶ ኣሎኒ፣ ውድባት ክፈልጥዎ ዘለዎም ሎሚ መንእሰይ እዩ ተላዒሉ ዘሎ፣ ስለዚ ትርግታ መንእሰያትና ከድምጹ ክኽእሉ ኣሎዎም፣ መንእሰይ ሎሚ እንታይ ዝደሊ ዝብል ቅድም ቀዳድም መጽናዕቲ ክገብሩ ምተገበኤ።

እዚ ህዝባዊ ምንቅስቃስ በቲ ናይ ቀደም ኣዋዳድባ ዘይኮነ፣ ሎሚ በብከተምኡ ናይ ይኣክል ድምጺ ብምስማዕ ኣብ ከከተሙኡ ሽማግለ ክመርጽ ይግባእ፣ ከምኡ እንዳበለ ናብ ኣውራጃ፣ ድሕሪኡሃገረ ጀርመን ምስ እንሰርሕ ክንዕወት ንኽእል። መጀመርያ እቲ ንመርጾ ብደረጃ ከተማ መን እዩ ፣ፖለቲካ ኣድማዓነቱን፣ መርገጺኡ ኣብ ምልካዊ ስርዓት ፣ እዘን ነጥቢ እዚኣተን ናይ መታኣማመኒ ባይታ ክኾናና ይኽእላ። ንሕና ኣብ ባደንቩተንበርግ እንርከብ ሸሞንተ ከተማታት ኣብ መስርሕ ንርከብ ግዝያዊት ናይ ጎስጋስ ሽማግለ ኻኣ ኣውጺእና ኣሎና፣ ነቲ ተረፉ ዘሎ ከተማታት ብባደንቩተንበር ትጉስጉስን ብተለፎን ወይ ብኣካል ከይዳ ሽማግለ ንኽመርጻ ተታባብዕ፣ እዚ ምስ ወዳእና ብኣውራጃ ደረጃ፣ ድሕሪኡ ናብ ሃገረ ጀርምን ምስግጋር እዩ እቲ ዕላማና።

ሰላም ምሳኹም